# ንእዋናዊ ጉዳይ ኢትዮጵያን ኤርትራን ኣመልኪቱ ካብ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ዝተውሃበ ውድባዊ መግለፂ፡

ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይን ህዝቢ ኤርትራን ንዘመናት ሓቢሩ ዝነበረ ብታሪኽ፣ ብባህልን ብቋንቋን ዝተኣሳሰረ ሓደ ህዝቢ እዩ።

ክልቲኦም ህዝብታት ኣንጻር ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ዝተገብረ ህልኽካ ዘወድእ ቃልሲ ንናይ ሓባር ረብሓ ብሓባር መስዋእቲ ከፊሎም፡ ኣብ ሓደ ጉድጓድ ስዉኣት ቀቢሮምን በቲ ዝኸፈልዎ ረዚን ዋጋ ድማ ነቲ ስርዓት ካብ ስልጣኑ ከኣልዩ ከኢሎምን እዮም።

ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ደርግ ግን ክልቲኦም ኣሕዋት ህዝብታትን ክልቲኣን ጎረባብቲ ሃገራትን ብሓባር ተሓጋጊዞም ዕቤትን ስልጣነን ሃገራቶም ከረጋግፁ ኣብ ዝተበገስሉ እዋን ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ጎንፂ ተፈጢሩ። እቲ ዝተፈጥረ ጎንጺ ድማ ናብ ዘይተደለየ ኣንፈት ኣምሪሑ፡ ኢሉ'ውን ክልቲኦም ኣሓት ህዝብታት ኣብ ኲናት ብምእታዎም ብኽልቲኡ ወገን ኣድላይነት ዘይነበሮ መስዋእትን ዕንወትን በፂሑ።

ኣብ መወዳእታ'ውን ዋላ'ኳ እቲ ደም ዘፋሰሰ ኲናት ክልቲኣን ሃገራት ኣብ ኣልጀርስ ብዝገበራኦ ስምምዕ መሰረት ሕጋዊ መዕለቢ እንተረኸበ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራትን ክልቲኡ ህዝብታትን ዘሎ ዝምድናታት ግን ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ን16 ዓመታት ዝኣክል ኣይሰላም ኣይኲናት ስንፍላል ኮይኑ ፀኒሑ እዩ።

ኣብ ቀረባ እዋን ግን ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብዝተፈጥረ ኩነታት ናብ ስልጣን ዝደየበ ሓድሽ ቀዳማይ ሚኒስተር ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድን ንሱ ዝመርሖ መንግስትን "ኩሉ ድሕሪ ሰላም እዩ" ብምባል ንስምምዕ ኣልጀርስ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ንምትግባር ከም ዝተዳለወ ገሊጹ ንመንግስቲ ኤርትራ ናይ ሰላም ፃውዒት ብምቕራቡ መንግስቲ ኤርትራ'ውን ነቲ ናይ ሰላም ፃውዒት ተቐቢሉ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ላዕለዎት ሰበስልጣናቱ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምልኣኽ ንሰላም ዘለዎ ክቱር ድሌት ዘንጸባርቕ ኣወንታዊ ግብራዊ መልሲ ሂቡሉ እዩ።

ከሳብ ሕጂ'ውን እቲ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝቐረበ ናይ ሰላም ጻውዒትን ብመንግስቲ ኤርትራ ዝረኸቦ ኣወንታዊ ግብራዊ መልስን ንኽልቲኦም መራሕቲ ሃገራት ከቀራርብ ብምኽኣሉ ብቀዳማይ ሚኒስትር ኢትዮጵያ ዶክተር ኣብዪ ኣሕመድ ዝተመርሐ ጉጅለ ልኡኽ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ብመንገዲ ኣየር ኢትዮጵያ ድሕሪ 20 ዓመታት ንፈለማ ግዜ ዶብ ኢትዮ-ኤርትራ ሰጊሩ ናብ ኤርትራ ከኣቱ ከኢሉ ኣሎ።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ዓለም ለኸ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝዓረፈሉ እዋን ብመራሒ ሃገረ ኤርትራ ፕረዚዳንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፣ ላዕለዎት መራሕቲ መንግስቲ፥ መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ዝተፈላለዩ ሙያታት ዝተዋፈሩ ዓበይቲ ዓድን ከምኡ'ውን መላእ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ነባሪ ኣስመራ ዝተገብረሉ ንህዝብታት ዓለም ዘገረመ ድሙቕ ኣቀባብላ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ነቲ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ዝፍጠር ዘሎ ሰላምን ምርድዳእን ማዕረ ክንደይ ከምዝደልይዎን ከምዝናፈቕዎን ዘርኢ እዩ።



ዴ.ም.ህ.ት. T.P.D.M.

ውድብና ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ቃልሲ ካብ ዝምስርት ካብ 1993 ዓም ኣትሒዙ ዝምድና ህዝብታት ኢትዮጵያን ኤርትራን ናብ ንቡር ንምምላስ ብዝተፈላለየ ኣገባብ እንዳሰርሐሉን ብፅንዓት እናተቓለሰሉን ዝጸንሐ ምኧኑ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኮይኑ፥

ውድብና ነዚ ብህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዝተንጸባረቐ ናይ ሰላም ድሌት ዝለዓለ ክብሪ ብምሃብ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብፍላይ ድማ ህዝቢ ትግራይ እውን ነዚ ሓውካ ዝኾነ ህዝቢ ኤርትራ ዝወሰዶ ስጉምትን ዘርኣዮ ቅሩብነትን ዘለካ ድጋፍ ብተግባር ብምግላጽ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ናይ ሰላም ሃዋህው ንቕድሚት ክተስጉምን ነዚ ስናይ ተግባር ከተዓናቕፉ ንዝፍትኑ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ጉጅለታትን ድማ ዓገብ ክትብሎምን ክትቃወሞምን ይፅውዕ።

ዓወት ንውፁዓት!!

ዴ.ም.ህ.ት

5- ሓምለ - 2010 ዓ/ም